# ራእይ

ዕላዊት ልሳን ሃገራዊ ምንቅስቓስ ንዴሞክራስያዊት ኤርትራ

ኣብ ሰሰስተ ወርሒ ስትዳሱ
ሚያዚያ 2011
2 ስዶቲ ሕታም

## ራእይና፡-

ህዝቢ ወናኒ ፖሊቲካዊ ስልጣኑ ዝኾነላ ሰብኣውን ዴሞክራስውን መሰላት ህዝቢ ዝኽበረላ ልዕልና ሕጊ ዝረጋገጸላ ህዝብታታ ብሰላም ስኒትን ሕድሕድ ምክብባርን ተሓቛቑፎም ዝነብሩላ ብሄራዊ ጸታውን ሃይማኖታውን ማዕርነት ዝነገሰላ ሓንቲ ምዕብልቲ ፌደራላዊት ዴሞክራስያዊት ኤርትራ ምትካል እዩ፡፡

ብሓለዮት ሃገራዊ ምንቅስቓስ ንዴሞክራስያዊት ኤርትራ
(ሃምደኤ)
Contract Address nmf_de@yahoo.com
Tell-251913219403 or +251910000860

# ርእሰ ዓንቀጽ

## ኤርትራ 20 ዓመታት ሓበን! ዶስ ዘመን ኮናት ፣ ስደትን ሓሳርን!

ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ሰንሰለታዊ መግዛእቲ ባዕዲ ነዊሕን መሪርን ፖለቲካውን ዕጥቃውን ተጋድሎ ኣካይዱ ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ከፊሉ ሃገሩ ካብ መግዛእቲ ሓራ ካብ ዘውጽእ እንሆ 20 ዓመታት ኣቑጺሩ ኣሎ። ኣብ መስርሕ ተጋድሎ ንሓርነት፡ ውድብ ህዝባዊ ግንባርን መሪሕነቱን ዝነበሮ ተራ ልሉይ እዩ ነይሩ። ካብ 'ዚ ሓቂ እ'ዚ ብምብጋስ መብዛሕትኡ ህዝብና እዚ ውድብ'ዚ ኣብ ምህናጽ ምዕብልቲ ኤርትራ ፍሉይ ታሪኽ ክሰርሕ እዩ ዝብል ዓቢ ትጽቢት ኣንቢሩ ምንባሩ ኩሉ ዝዝክሮ ሓቂ እዩ ።

ኢሳያስ ዝመርሖ ጸቢብ ጉጅለ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ጽባሕ ናጽነት ብሓፈሻ ንህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ነቶም ብመሪር ተጋድሎ ዝሓለፉ ጀጋኑ ተጋደልቲ ፣ ስውኣት ፣ስንኩላትን ካብ ዝለዓለ ስጋብ ዝተሓተ ኣበርክቶ ዝገበሩ ሓፋሽ ውድባት ኮታ ንኹሉ ኣባል ውድብ ህዝባዊ ግንባር ጠሊሙ ነቲ ካብ ሳሕል ጀሚሩ እንዳሃነጸ ዝመጸ ሓሪዲ ጸቢብ ጉጅለ መሪሕነት ህግደፍ እዩ ኣቑሙ። እዚ ጨፍላቒ ጉጅለ ድማ እንሆ ንህዝብና ሓሳረ መከርኡ የርእዮ ኣሎ።

ርግጽ እዩ! ትጽቢት ህዝብና ድሕሪ ምብራር ባዓዳዊ መግዛእቲ ሰላም፣ፍትሒ፣ዲሞክራሲ ዝነገሳ ዝሕበኑላ ብኹለንተናኣ ምዕብልቲ ዝኾነት ኤርትራ ምህናጽን ምርኣይን እዩ ነይሩ። ይኹን እምበር ብሰንኪ በላዒ-ሰብ ጉጅለ ኢሳያስ ኩሉ ሰናይ ባህግታቱ በርዒኑ ብእንጻሩ እታ መዕቀኒ ኣልቦ ዋጋ ዝኸፈለላ ሃገሩ ምድራዊት ሲኦል ኮይናቶ ራሕሪሒዋ እግሩ ናብ ዝመርሖ ይስደድ ኣሎ።

ጉጅለ መሪሒነት ህግደፍ መበል 20 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ከም ጽቡቕ ኣጋጣሚ ንሽሓጣይ ፕሮፓጋንድኡ ክጥቀመሉ ሳዕልን ታሕትን ይብል ኣሎ። 20 ዓመታት ዘመን ሓበንን! ክብረትን! እንዳበለ ኣብ ጥራሕ ጎልጎል ንህዝብና ኣሳዕሲዑ ብዳንኬራ ከእምና ይግዕር ኣሎ። ኣብ ዘመነ ተጋድሎ ንሓርነት ባዕሉ ህዝብና ዘለዎ እንዳነገፈ ብሉጻት ደቁ እንዳወፈየ ንዝፈጸሞ መዳርግቲ ኣልቦ ታሪኽ ገድልን መስተንክራዊ ወተሃደራዊ ጅግንነትን ወግሐ ጸብሐ እናደጋገመ ንናይ ታሪኽ መንኮርኮር ንድሕሪት ዘዊሩ ኣብ ዘመነ ተጋድሎ ኣንጻር መግዛእቲ ክንብረና ይፍትን ኣሎ። ሓቂ እዩ! ኩሉ ኣብ ዘመነ ተጋድሎ ዝተፈጸመ መዳርግቲ ኣልቦ መስተንክራዊ ጅግንነት ንኹርዓሉ ንሕበነሉ ታሪኽና እዩ። ግን'ከ ቀደም ኣብዝተፈፀመ ታሪኽ ጥራሕ ዲና ክንነብር? ህዝብና'ኮ! ኪነው ዝፈጸሞ መስተንክራዊ ወተሃደራዊ ታሪኽ ዝጽበዮም ዓበይቲ ቁምነገራት ነይሮሞ እዮም እምበር ንስለ ወተሃደራዊ ቅያ ጥራሕ ኢሉ ኣይኮነን ነቲ መዳርግቲ ኣልቦ ዋጋ ዝኸፈለ ።

ጨፍላቒ ስርዓት ህግደፍ 20 ናይ ናጽነት ዓመታት ብኸንቱ ኣዕሪቡወን፡ ሕጂ ንህዝቢ ኣብ ናይ ቀደም ታሪኽ ክንብሮ ይፍትን ኣሎ። ኤርትራ ኣብ ትሒቲ መግዛዕቲ ህግደፍ 20 ዓመታት ኮናት፣ ቁጠባዊ ድኽነት፣ብስእነት ፍትሕን ዲሞክራሲን ትሳቐ ምህላዋ ከምፀሓይ ቀትሪ ብሩህ እዩ። ከም ውጽኢቱ ኸኣ ዜጋታታ ብእሽሃት ዝስደዱላ፤ ኣብ ዞባና ልልይቲ ዘራጊት ሰላም፤ ሰፈር ኮናትን ዕግርግርን ኮይና ምህላዋ ዓለም ብዓለሙ ዝፈልጦ ሓቂ ክንሱ ሕፍረት ዓይኒ ዘይብሉ ስርዓት ኢሳያስ "ዋላ ትንፈር እንበር ጤል እያ " ከምዝበሃል ቢሂል ነዛ ዜጋታታ ክብረትና ሲኢንና ፈቐድኡ ተሰዲድና፤ ፋሕ ጭንግራሕ ኢልና ንዋረደሉን ንሓስረሉን ዘለና ሃለዋት ዘመን ሓበንን ክብረትን እዩ እንዳበለ ይሕጭጩልና ኣሎ።

ሕፍረት ኣልቦ ፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳያስ ዝበለ ይበል ብዘየገድስ 24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነትና ጥራሕ ዘይኮነትስ ኣብ ታሪኽና ባብ ሓድሽ ምዕራፍ ዝኸፈተት እያ። ኣብ'ዚ ህሞት'ዚ በቲ ሓደ ሸነኽ በዓቢ ተዘክሮታት ንነጻነት ዝተከፍለ ዋጋ፡ በቲ ኻሊእ ሸነኽ ድማ መጻኢ ዕድልና ክንርኢ ትርጉም ናጽነት ብልክዕ ክነስተማቕሮ ብሓድሽ ናይ ቃልሲ መንፈስን ፍናንን ኢና መዓልቲ ናጽነትና ነኽብሮ። 24 ግንቦት ድሕሪ ደጊም ነኽብሮ በብዓመቱ ሓዱሽ ታሪኽ እንዳሰራሕናን እንዳደለብናን እምበር ኣብ ዝተሰርሐ ታሪኽ ተሸኺልና ኣይንንብርን። ሃንቀውታ ህዝብና ኣብ መቓብር ስርዓት ህግደፍ ሓንቲ ሰላም፣ፍትሕን ደሞክራስን ዝነገሳ ምዕብልቲ ኤርትራ ምህናጽ እዩ። እዚ ምስዝረጋገጽ እዩ ኸኣ ህዝብና ዝኸብርን! ዝሕበንን! ትርጉም ናጽነት ዘስተማቕርን።

‹‹ ዘለኣለማዊ ክብርን ሞጎስን ንስውኣትና !!! ››

‹‹ ምህናጽ ዴሞክራሲያዊት ኤርትራ ሕልሚ ኮይኑ ኣይተርፍን እዩ !!!››

# ካልኣይ ሽቶና.....

ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና ማለት ኣብ ቀዳማይ ሕታም መጽሔት ራእይ፡ ቀዳማይ ሽቶና ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ናይ ውድብና ቁጽሪ 1 እንብሎ ዕላማናን ድሌትናን ንምዕዋቱ ገጢሙና ዘሎ ብድሆታትን ኣቐሚጥና ኔርና። ካብ ዝሓለፈ ጽሑፍና ንምዝኽኻር ዝኣክል፡

1. ንስርዓት ህግደፍ ብቁልጡፍ ካብ ስሩ ሚሒኹ ንምእላይ ዘኽእል ኩሉ ዓቕምታት ደምበ ተቓውሞ ኣብ ከሰማምዖ ዘኽእል ንኡስ ፕሮግራም/Minimum Program/ ተጠርኒፉ ክቃለስ እንተኽኢሉ ምኺኑ፡ እዚ እንተዘይተኻኢሉ'ውን ዝወሰደ ጊዜ ወሲዱ ብውልቀ ውድብና ንስርዓት ህግደፍ ንምእላይ ምቅላስ ቀዳማይ ሽቶና ኢልና ኣቐሚጥና ኢና።
2. ሓይልታት ደምበ ተቓውሞ ብሓደ ከይሰርሑ ቀይዱ ሒዙ ዘሎ ስግኣትን ስእነት ነፍስ ምትእምማን ከምኡ'ውን ጸቢብ ጉጅለኣዊ ረብሓን ውልቃዊ ናይ ስልጣን ሒሳባትን እዩ ኢልና ብዝርዝር ኣቐሚጥና ኔርና።

እምበኣር ከስ ናብ'ቲ 2ይ ሽቶና ኢልና ዘቐመጥናዮ ዕላማ ቕድሚ ምእታውና ኣብ ሓይሊ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ስርዓት ህግደፍ ከመይ ይተኣለ ኣብ ዝብል ቴክኒካዊ መዳይ ብዙሕ ጊዜ ይካትዑን ከም መፈላለይ ነጥቢ ጌሮም ከቕምጡ ንርኢን ንሰምዕን ስለዘለና፡ ኣብ'ዚ መዳይ እዚ ዘለና መርገጽ በዚ ኣጋጣሚ ከነቕምጥ ኢና።

ኣብ ደንበ ተቓውሞ ኤርትራ ዝለዓሉ ዘለው ሜላታት ብዛዕባ ምእላይ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ክፋላት ክጥቅለሉ ይኽእሉ እዮም። ንሳቶም ድማ፡

1. ብሰላማዊ መንገዲ ህዝቢ ክቃወም ብምግባርን ዲፕሎማሲያዊ ጸቕጢ ብምግባርን።
2. ብጎነፃዊ መንገዲ ዝብል ካብ ህዝቢ ንዓመጽ ብምልዓል ጀሚርካ ስጋብ ዝተፈላለየ ወተሃደራዊ ሜላታት ምጥቃም።

ብእምነት ውድብና ንኽልቲኦም ሜላታት ኣዋሃሂድካ ነፍስ ወከፍ ሓይሊ በብዝኽእሎ ክቃለስ ምግባር ናይ ምውዳዱን ምምርሑን ጉዳይ እንተዘይኮይኑ ሕድሕዶም ዝንነጹ ሜላታት ኣይኮኑን። እኳ ደኣ ብግቡእ እንተተጠቒምናሎም ሕድ-ሕድ ዝመላልኡን ዝደጋገፉን እዮም ኢልና ንርኢ።

ኩሉ ዓይነት ኣገባብ ቃልሲ ተጠቒምካ ዕድመ ስርዓት ህግደፍ ንምሕጻር ይካኣል እዩ። እቲ ቀንዲ ዘድሊ ግን ብእምነትን ተወፋይነትን ንዝሓንጸጽካዮ ኣገባብ ቃልሲ ንምትግባሩ ምጽዓርን ምስ መቓልስትኻ ዝኾኑ ሓይልታት ብልቦና ምዝታይን ሓይልኻ ምውዳድን'ዩ ዘድሊ።

ኣብ ቀንዲ ክርሲ ጉዳይ ናይ'ዚ ጽሑፍ ክንኣቱ ከም'ቲ ኣብ ኣርእስትና ዘቐመጥናዮ 2ይ ሽቶና እንታይ እዩ ዝብል ኣብ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ክነብርህ ኢና።..........

ኣካልኣይ ሸቶና ድሕሪ ምውዳቕ መላኺ ስርዓት ህግደፍ እምነ መሰረት ናይ ዲሞክራሲ ዝስረተሉ እዩ። መሰረት ናይ ዲሞክራሲ ዝስረተሉ ቀንዲ መቐሚያታት ኩሉ ሰብኣዊን ዲሞክራሲያዊውን መሰል ህዝቢ ብውልቂ ይኹን ብእኩብ ምኽባርን ናይ ሓፋሽ ውሳኔታት ምቕባልን እዮ። ኣብ ክሊ ናይ ሓፋሽ ውሳኔታት ናይ ብዙሓት ድምጺ ዝኽበረሉ ናይ ውሑዳን መሰል ዝሕለወሉን ክኸዉን ኣሎዎ።

ካልኣይ ሸቶና ድሕሪ ምውዳቕ ስርዓት ህግደፍ ነጻን ግሉጽን ናይ ውድድር ባይታ ንምንጻፍ ዘኽእል እዩ። ስለዝኾነ ብእምነት ውድብና ንቶም ንስርዓት ህግደፍ ንምእላይ በብዝመስሎም ፖለቲካዊ እምነት ተወዲቦም ዝቃለሱ ዘለው በሰንኪ ዘይምትእምማን ኣብ ክንዲ በብዘለውዎ ፋሕኢሎም ዝቃለሱ ተእማሚኖም ተጠርኒፎም ክቃለሱ ዘኽእል ዋሕስ ናይ ምትእምማን እዩ ኢልና ንኣምን።

እብ ካልእይ ሸቶና ማለት ድሕሪ ምውዳቕ ህግደፍ ዘቐመጥናዮ ዕላማ ብሓፈሻ ክምዚ ዝስዕብ እዩ።

1. ኣብ ህላወ ሻራ ዘይብሎም ተዓዘብቲ ንኹሎም ፖለቲካውያን ውድባት፡ ሲቪካውያን ማሕበራት፡ ምሁራት ውልቀሰባት፡ ዓበይቲ ዓዲ፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ካልእት ክፋል ሕብረተሰብን ዝሳተፍዎ መሰጋገሪ መንግስቲ ምቛም። ዕድመ መሰጋገሪ መንግስቲ ምንጻር

2. ሰላምን ምርግጋእን ክስፍን ዝኽእል ተሳትፎ ብሄራት ዘረጋገጸ ሃገራዊ ሓይሊ ምክልኻል ምቛም።

3. ኣብ ትሕቲ ስርዓት ህግደፍ ብሓይሊ ተዓስኪሩ ዘሎ ካብ ገበን ነጻ ዝኾነ ሰራዊት ግቡእ ምምማይ ተገይርሉ ብወለንተኡ ኣካል ዝቐውም ሃገራዊ ሓይሊ ምክልኻል ምግባር።

4. ኩሉ መሓውራት ጸጥታን ስለያን ስርዓት ህግደፍ ፈሪሱ ብሓድሽ ረብሓ ህዝብን ሃገርን ዝሕሉ ትካላት ምትካእ። ብግቡእ ዝተመልመለ ሕግን ስርዓትን ዘኽብር ሲቪላዊ ፖሊስ ምዕጣቕ።

5. ካብ ገበን ነጻ ዝኾኑ ናይ ፖለቲካን ሃይማኖትን ካልኦት እሱራትን ነጻ ምልቃቕ፡ ኣበርክቶኦም ኣብ ምህናጽ መሰጋገሪ መንግስቲ ክዕዘዙ ምግባር።

6. መሰጋገሪ መንግስቲ ንድፊ ቅዋም እተዳሉ ምሁራትን ምኩራት ሰባትን ዘለውዋ ኮሚቴ ብምጥያስ ንድፊ ቅዋም የዳሉ። ህዝቢ ተኻቲዕሉን ኣሚንሉን ድማ ክምዝጸድቕ ይገብር።

7. መሰጋገሪ ምንግስቲ ህዝባዊ መንግስቲ ንምትካል ምቹእ ባይታ ይፈጥር፤ ቦርድ ምርጫ ክኣ የቐውም።

8. ፖለቲካውያን ውድባት ይኹኑ ውልቀ-ሰባት ዕላማታቶም ብሰላማውን ቅዋም ብዝጠልቦ መንገድን ናብ ህዝቢ ክስርጹ ባይታ ምፍጣር።

9. ብመሰረት ቅዋም ኣብዝሓ ሰልፍታትን ውልቀ-ሰባትን ዝሳተፍዎ ህዝባዊ ምርጫ ይግበር፡ ዝለዓለ ድምጺ ዝረኸበ ሰልፊ ድማ በትረ ስልጣን ካብ'ቲ ዝጸንሐ መሰጋገሪ መንግስቲ ብሰላም ተረኪቡ ይመርሕ።

**መቐጸልታ ኣብ ሳልሳይ ሕታምና ክቕጽል'ዩ።**

**ዓወት ንፍትሓዊ ቓልስና!!!**
**ውድቀት ንፋሽሽታዊ ስርዓት ህግደፍ!!!**

# ጠንቂ ስደት ኤርትራውያን፡ ዘመተታት መራሕቲ ህግደፍን ጽልዋኡን፡

ኣብ ቐዳማይ ሕታም መጽሄት ራእይ "ስደት ጠንቁን ሰዓበየናቱን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ጠንቂ ስደት ኤርትራውያን፡ ምኽንያቱን ሳዓቤኑን ብሰፊሑ ገሊጽና ምንባርና ይዝከር። ብኣንጻሩ መራሕቲ ስርዓት ህግደፍ ምኽንያት ናይ'ዚ ዝዓበየ ቁጽሪ ምንእሰያት ዝሓዘ ዋሕዚ ስደት "ንቑጠባዊ ረብሓን ዝሓሸ መነባብሮን" ድኣምበር ዝኾነ ይኹን "ፖሊቲካዊ" ምኽንያት ከምዘይብሉ ንምእማን ሰፊሕ ፕሮፖጋንዳውን ዲፕሎማስያውን ዘመተታት ይገብርሉ ኣሎዉ።

ብናይ ህግደፍ ኣመባሳደር ኣቶ ግርማ ኣስመሮም ዝምራሕ ልኡኽ ኣብ ቅድሚ ዝሰዓላ ኪሚቴ ቤ/ጽት ተጸዋዒ ንስደተኛታት ኣብ ሐቡራት ሃገራት ዝሃቦ ቓል "ሃገረይ ኣብ ኢትዮጵያ ስደተኛታት የብላን። እዞም ብስደተኛታት ዝጥቀሱ ዘሎዉ፡ ብወተሃደራትን ሓይልታት ጸጥታ እትዮጵያን ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኢትዮጵያ ተገፊፎም ጅሆ ዝተተሕዙን፡ ኣብ ዘስካሕክሕ ኩነታት ዝርከቡን እዮም። ስለዚ ጉዳዮም ብመንገዲ UNHCR ምክትታል ክግበረሉ ሃገረይ ትጽውዕ" ክብል መደረኡ ኣስሚዑ:: ምስ ነባሪ ምስሉይን መደናገርን ባህሪ መራሕቲ እቲ ስርዓት ኣዛሚድና ክንሪኦ እንክሎና ከምዚ ኽብል ክሎ ብዙሕ ዘገርም ኣይኮነን ኢልካ ክሕለፍ ይከኣል ነይሩ። ግን ድማ ብኽልተ ምኽንያታት ኣዕሚቑና ክንሪኦ ንግደድ። በቲ ሓደ ነዚ ናብ ከባቢ 50 ሽሕ ዝጽጋዕ ቁጽሪ ኤርትራዊ ስደተኛ "ስደተኛ ኣይኮነን" ክብሎ እንክሎ ኣብ ልዕሊ እዚ ስደተኛን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ዘሎዎ ንዕቀት ዘንጸባርቕ ምዃኑ፡ በቲ ኻልእ ድማ ነቶም ካብ ኢትዮጵያ ወጻኢ ዝርከቡ ኤርትራውያን ዘሎዎ ጽልዋን ሳዕቤኑን ቐሊል ዘይምዃኑ እዩ።

ናይ ወርሒ ለካቲት 2011 ጸብጻብ ከም ዘማላኸቶ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ኤርትራውያን ኣብ መዓስከር ስደተኛት ሽመልባ 8'081፡ ማይ ዓይኒ 12'515፡ ዓዲ ሓሩሽ 7'951፡ ኣሳይታን ከባቢኡን 5'709፡ በራሕለን ከባቢኡን 10'339፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ኢትዮጵያ 4'600 ብድምር 49'195 ምዝጉባት ኤረትራውያን ስደተኛታት ይርከቡ። ነዚ ኣዝዩ ዝዚፍ ቑጽሪ ኢዩ እመባኣር ስደተኛ ኣይኮነን ዝብለና ዘሎ። ካብ'ዚ እቲ ልዕሊ 90% ኣብ'ቲ ልክዕ ሓለፍነት ገዛእ ርእሱ፡ ወለዱ፡ ሕብረተሰብን ሃገርን ዝሸከመሉ ኣፍራይ ዕድመ ዝርከብ እዩ። እቲ ዝተረፈ ድማ ትሕቲ ዕድመን ኣረጋውያንን ዘጠቓለለ እዩ፡ እዚ ጥራሕ ዘይኮነ ብዓለም ደረጃዉን ዝዓበየ ቑጽሪ ሒዙ ዝርከብ ዋሕዚ ናበይቲ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ህጻናት ዝሓዘ ኣሃዝ እዩ። ካብ ዚኦም ኣስታት 1500 ብ-ኦኣሲስ ፋውነደሽን ብዝተባህለ ትካል ኣብ መዓስከር ማይ ዓይኒ ዝእለዩ ይርከቡዎም። እመባኣር ነስተውዕል፡ ነዚ ኣሃዝ እዚ "ስደተኛታት ኣይኮኑን፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ንመርኻብ ዝገብሮ ዘሎ ተዋስኦ እዩ" ክብል እንክሎ ስጋብ ክንደይ ዘነውርን ዘሐፍርን ሓሶት ምዃኑ። ዘነውር እዩ ተባሂሉ ጥራሕ ግን ስቕ ኢልካ ዝሕለፍ ኣይኮነን። ብጉቡእ መንነትና ነፍልጠሉ መድረኽ ምጥባሕ ዘድልዮ ጉዳይ እዩ።

እቲ ኻልእ ድማ ጽልዎ ናይ'ቲ ዘመተን ትርጉም ናይ'ቲ ስምን እዩ። ከም ቐዳማይ ውጽኢቱ ናይ'ዚ ብዙሓት ኣሕዋትናን ኣዕሩኽትናን ካብ ማልታ፣ ሊብያን ግብጽን ብዘይፍቓዶም ተመሊሶም ግዳያት ኣብያተ ማእሰርቲ ህግደፍ ክኾኑ ዝገበረ ናይ ትማሊ ፍጻሜ እዩ። ምስ'ዚ ዝተኣሳሰሩ ሓደስቲ ምዕባሌታት 'ዉን ኣሎዉ።

ናብ ገጽ 4 ይዘውር..

ካብ ገጽ 3 ዝቀፀለ ...

ኣብ እስራኤል “Israel's Infiltration prevention Bill” ዝብል፡ ናብ'ቲ ሃገር ሰሊኾም ንዝኣተዉ ስደተኛታት ብፍላይ ድማ ንልዕሊ 13'000 ኤርትራውያን ግዳይ ዝገብር ኣዋጅ ጸዲቑ ኣሎ። ክብደት ናይ'ቲ ኣዋጅ ብኽልተ መለክዕ ክረአ ይካኣል። ብመጀመርያ ዳርጋ ንንብሲ,ወከፍ ናብ እስራኤል ዝኣተወ ኤርትራዊ ግዳይ ዘይወለንታዊ ምምላስ (deportation) ዝገብር እዩ። ካልኣይ ድማ ትርጉምን ዕላማን ናይ'ቲ ተዋሂቡ ዘሎ ስም ወይ ስያመ እዩ። ዋላ'ኳ ሕልና ብዘይብሉ መንፈስ ተዓሚትካ ዝተዋሃበ ስያሜ ይኹን፡ እቲ ኣዋጅ ስራሕ ክደልዩ ብዘይሕጋዊ ሶሊኾም ዝኣተዉ (labor infiltirators) ብዝብል ድኣ'ምበር ከም ናይ ፖሊቲካ ስደተኛታት ዝቕበል ኣይኮነን። ሓንሳብ ብናይ ቑጠባ ስደተኛታት እንተተፈሊጦም ድማ እታ ሃገር ዑቕባ ክትህቦም ሞራላዊ ይኹን ሕጋዊ ግዴታ የብላን። ኣብ ዝደለየቶእዋን ናይ ምስንግ ስጉምቲ ክትወስድ ትኽእል። እዚ ዝወጸ ኣዋጅ እምባኣር ካብ ባዶ ተበጊሱ ዝመጸ ኣይኮነን። መራሕቲ ስርዓት ህግደፍ ኩሉ ዝኽፈል ከፊሎም ክዉን ክኸዉን ዝገበርዎ እዩ።

ብርግጽ ግን ንሕና ኤርትራውያን ካብ ሃገርና ዘውጻኣና ምኽንያት ፖሊቲካዊ ሽግር ምዃኑ ብልክዕ ክንቐምጥ እንተዘይክኢልና ድኣ መንዩ ልክዕ ጸገምና ክገልጸልና ዝኽእል፧ ምናልባት ብዛዕባ ኤርትራ ካብ ዓለም ዝተሓብአ ነገር የሎን፤ ኩሉ ይፈልጥዎ እዮም ዝብል ነገር ናብ ኣእመሮና ክመጽእ ይኽእል እዩ፡

ሻሮን ሃረል ኣብ ተልኣኺ,ቪ ናይ UNHCR ተሓጋጋዚት ፕሮትክሽን እያ። ንሳ ከምዝገለጸቶ ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ እስራኤል ካብ ካልኦት ሃገራት ስደተኛታት ዝዓበየ ቑጽሪ ሒዞም ኣለዉ ትብል። እዞም ካብ ጥሪ 2007 ጀሚሮም ናብ እስራኤል ምእታው ዝጀመሩ ስደተኛታት ልዕሊ 90% ደቂ ተባዕትዮ ኮይኖም ኣብ ክሊ ዕድመ 22-40 ዝርከቡ እዮም። ብዙሓት ካብ ዚኣቶም ነቲ ኣብ ሃገሮም ዝካየድ ገደብ ኣልቦ ወተሃደራዊ ኣገልግሎትን ምስኡ ተታሓሒዞ ዝፍጸም ማእሰርቲ፡ መቕጻዕትን፡ ምክልባትን ተቓዊሞም ዝመጹ እዮም ትብል። ሓደ ካብቲ ንቤ/ጽሕፈተይ ዘጋጥሞ ዘሎ ጸገም ትብል ሻሮን፡ እዞም ስደተኛታት እዚኦም ብትኽክል ፖሊቲካዊ ዑቕባ ዝሓቱ ድዮም ወይስ ስራሕ ክደልዩ ዝመጹ እዮም፧ ዝብል ምምማይ ኣብ ምግባር እዩ ትብል። ምኽንያቱ ትብል ንሳ፡ “ ምኽንያቱ ድሕሪቲ ነዊሕ ናይ ሞትን-ሂወትን ፈተነ ዝምለአ ጉዕዞ ኣብ ዶብ በጺሖም ንወተሃደራት እስራኤል ቃሎም ክህቡ ኸለዉ ሰራሖም ክበልዑ ክምዝመጹ እዮም ዝገልጹ” ትብል። እዚ ድማ ካብ ክልተ ምኽንያታት ክነቅል ይኽእል፡ “ሓደ ካብ ክቱር ፍረሒ ካልኣይ ድማ ነብሶም ብትኽክል ክገልጹ ብዘይምኽኣሎም እዩ” ትብል።

ካብ ገጽ 4 ዝቀፀለ ...

ዓለም ግን ባዕልና ኣሕሊፍና ንዝሃብናዮ መሰል ክትጣበቐልና ኣይትኽእልን እያ። ንመሰልና ባዕልና ኢና ደው ክንብል ዝግባኣና። እንተዘይኮይኑ ግን ነዚ ሃንፋት እዚ እንዳመዝመዙ ህግደፍ ምስ ክምኡም ዝበሉ ሰብኣውነት ዝጎደሎም ኣካላት መንግስቲ እንዳተመሻጠሩ ግዳያት ስቓይን ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጥን ይገብሩና ኣሎዉ።

እዚ ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ኣጋጢሙ ዘሎ ዕግርግርዉን ናቱ በሰላ የንብር ኣሎ። ሰይፍ ኣል ኢስላም፡ ወዲ ፕሬዚዳንት ሊብያ መሓመድ ቐዛፊ እዩ። ኣብ ተለቪዥን ሃገሩ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ "ዑሱባት ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ነዚ ኣብ ሊብያ ኣጋጢሙ ዘሎ ናዕቢ ቐዳሞት ተሓተቲ እዮም" ክብል ገሊጹ። እዚ መግለጺ እዚ ብፍላይ ነቶም ካብ ትሕቲ ሰሃራ ኣፍሪቃ ዝመጹ ስደተኛታት ዕላማ ዝገበረ እዩ። ኣብ'ዚ መሰረት ብምግባር ድማ ስደተኛታት መሰረቱ ኣብ ዓሌት ዝገበረ ኩሉ ዓይነታት በደል ይበጽሖም ኣሎ። ጸብጻባት ከም ዘረጋገጽዎ ልዕሊ 19 ኤርትራውያን ተጨውዮም፡ ኣስታት 1'800 ካልኦት ካብ ኣባይቶም ተሰጒጎም ኣሎዉ። ዓለም-ለኽ ክርስትያን ሕብረት (CSW) ዝተባህለ ሰብኣዊ ትካል ከምዝሓበሮ፡ ወ/ሮ ኤልሳ ጭሮም ናይ ኤሪትራውያን ሰብኣዊ መሰላት ናይ ዝጣበቕ ትካል ዳይሬክተር ከም ዘረጋገጸቶ 53 ልዕሊ ዕድመን 20 ህጻናት ኤርትራውያን፡ ካብ ከተማ ቤንጋዚ(ሊብያ) ወጺኦም ኣብ ዶብ ግብጺ ዘዕቁቦም ስኢኖም ብዘይ መሰረታውያን ቐረባት ይሳቐዩ ከም ዘለዉ ይሕብሩ። ማሕበረ ሰብ ዓለም መግቢ፡ ማይን መጽለልን ክልግስሎም ድማ ይምሕጸኑ።

መሊሳ ፍላሚንግ ዝተባህለ ወሃቢ ቓል UNHCR ኣብ ሊብያ ከምዝገለጸ ብዙሓት ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ኣብ ውሽጢ ሊብያ ይኹን ካብኡ ኸወጹ ንህይወት ዝፈታተን ሓደጋ ይበጽሖም ኣሎ ይብል፡ቐጺሉ "ብፍላይ ኤርትራውያን ካብ ናይ ሃገሮም ስቓይን ማእሰርትን ተቓዊሞም ብምምጻኦም ዝጣበቐሎም ወኪል መንግስቲ ( ኢምባሲ) የብሎምን"። ሓደ ኤርትራዊ መንእሰይ ኢሉዎ ኢሉ ካብ ዝጠቐሶ " ብትኽክል እቲ ሓደጋ ኣቐዲምካ ትግምቶ እዩ ግን ድማ ኣብ ሊብያ ተዓቢጥካ ካብ ሙማት ኣብ ጉዕዞ ሂወትካ ክትሓልፍ የሓይሽ።" ብምባል ገሊጹለይ ይብል።

መርኣያ ናይ'ዚ ድማ ዘሕዝን ፍጻሜ ካብ ሊብያ ክወጹ ኣብ ባሕሪ መዲትራንያን ወቓዒአ ብዘይተፈለጠ ኣብ ዝጠሓለት ጀልባ 325 ህጻውንትን ደቂ ኣንስትዮን ዝርከብዎም ዜጋታትና ሂወቶም ጠፊኡ ኣሎ። እሞ ነዚ ኹሉ ስቓይ፡ ምክልባትን፡ ሕልፈት ሂወትን ደኣ መን እዩ ተሓታቲኡ፤ከምቲ መራሕቲ ህግደፍ ዝብልዎ ሂዎት ንምስትኽኻል ድዩ ዝውሰድ ዘሎ ወይስ ሂወት ንምጥፋእ፤ መልሱ ንኹለህና ብሩህ እዩ።

ሂወት ኤርትራውያን ኣብ ስደትን ዘይሓለፍነታዊ ተጸብኦታት መራሕቲ ህግደፍን ብዝምልከት ብዙሕ ሓበሬታ ክእከብ ይከኣል'ዩ። ግን ናብ'ቲ መበገሲ ሓሳብና ንመለስ። ኣቐዲሙ ከምዝተገለጸ ጠንቂ ስደት ኤርትራውያን ብናይ ተፈጥሮ ሓደጋ ምንቅጥቃጥ መሬት ወይ ከም'ዚ ናይ ጃፓን ሱናሚ ኣይኮነን። ዞባና ብሓፈሻ ካብ'ዚ ዓይነት ሓደጋታት እዚ ነጻ እዩ። ግን ድማ ኣብ'ዛ ብእዝግኣቢሄር ዝተባረኸት ሃገር ዘይተባረኹ " መራሕቲ ኢና" በሃልቲ ኣጋጢሞምና። ካልእ ቁጠባዊ ሽግር'ዉን ኣየሰድደናን። ሰላምን ዲሞክራስያዊ ምሕደራን እንተዝህሉ ኤርትራ ነዚ ውሑድ ህዝባ ዝኣክል ጸጋ ኣሎዋ። ምስ ህርኩትንትን ፍቕሪ ሃገርን ህዝባ ተደሚሩ ኣዝዩ እኹል ጸጋ ዘሎዋ ሃገር እያ።

ምኽንያት ስደት ኤርትራውያን እምባኣር ብንጹር ፖሊቲካ ምኺኑ ዘካትዕ የብሉን። ኩሉ ዓይነት ሰብኣውን ዴሞክራስያውን መሰል ዝተነፈገ ህዝቢ እዩ።

ናብ ገጽ 6 ይቕጽል ...

ካብ ገጽ 5 ዝቀፀለ ...

ፖሊቲካዊ ሕቶ ንዝሓተተ፡ ንዝጸሓፈን ሓሳቡ ንዝገለጸን፡ ካብ ገደብ ኣልቦ ባርነት ክምልጥ ንዝፈተነ ኹሉ መልሱ መጭወይቲ፡ ማእሰርትን ሞትን ኮይኑ። ሰባት ብሰንኪ ሃይማኖታዊ እምነቶም ክእሰሩ፡ ብብሄራውን ጾታውን ኣድልዎታት ክሳቐዩ ካብ ሓደ ወዲ ሃገር'የ በሃላይ ስርዓት ፍጹም ዘይትጽበዮ ፍጻሜ'ዩ። ህዝቢ ብሰለያዊ መርበባት ኣብ ፍጹም መጻወድያ ኣትዩ። ስለዝኾነ ድማ ካብ'ቲ ዓንኬል ንምምላጥ ስደት ከም ሓደ መማረጺ ተወሲዱ።

ኣብ'ዚ ድማ ክልተ ዓበይቲ ሕቶታት ናብ ኣእመሮ ነብሲ ወከፍና ክመጽእ ይግባእ። ሓደ ጠንቂ ስደትና ፍሉጥ ፖሊቲካዊ ምኽንያት ምዃኑ ንምግላጽ ዘሰክፈና ወይ ዘፍረሓና ድኣ'ሞ እንታይ 'ዩ፤ ካልኣይ ንዘላቒ መፍትሒኡ ካብ ምንዳይን ንመፍትሒ ምብጋስን ዝዓግተና'ኸ እንታይ'ዩ፤ ዋላኳ መራሕቲ ስርዓት ህግደፍ ምስሉን ትርጉሞን ክልውጥዎ ይጽዕሩ እንተሃለዉ፡ ምኽናያት ስደት ናይ'ዚ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራዊያን ብመራሕቲ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣዕናዊ ናይ ኩናት ፖሊሲን ውጽኢቱን ምዃኑ ዘኩራኽር የብልናን። እዚ ምኽንያት እዚ ብኣብዝሓ ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ሃገራትን ዓለም ተቐባለንት እኳ እንተሃለዉ፡ ንዝያዳ ተቐባልነቱ ብዓውታን ብድፍረትን ንህዝቢ ዓለም ብኹሉ ዝረኸብናዮ ኣጋጣሚታት ክነስምዕ ግዴታና እዩ።

ብኻልኣይ ጠንቂ ሽግርና ካብ ኣለና፤ እቲ ፍታሕ ድማ ነቲ ጠንቂ ምእላይ እዩ። ብኸመይ፤ ዝብል ሕቶ ነብሲ ወከፍና ክኸዉን ይኽእል እዩ። ነዚ ድማ እንሆ ኩነታት ዓለምና ባዕሉ መምሃሪ ባይታ ኮይኑና ኣሎ። መራሒ ግብጺ ሑስኒ መባረክ ካብ ኣፍሪቃ ሓሊፉ፡ ኣብ ማእከላይ ማብራቕ ይኹን ብደረጃ ዓለም ኣዝዩ ዝኒፍ ጽልዋ ዝነበሮ ፍሉጥ መራሒ ነይሩ።

ህዝቢ ግብጺ ብኸምዚ ዝተራእየ መስርሕ ከውርዶ እዩ ዝብል ትጽቢት ዋላሓደኳ ኣይነበረን።

ብስረዓተ-ምሕደራ ፕሬዚዳንት መባረክ ፍጹም ዘይዓገበ ህዝቢ ግብጺ ግን ብሓባር፡ ብሓደ ድምጺ፡ ዝኸፈል ከፊሉ "ሀ" ኢሉ ዓልዩዎ። እነሆ ድማ ፍረ መስዋእቱ ጉዕዞ ምትካል ደሞክራስያዊ ስርዓት ጀሚሩ።

ብተመሳሳሊ ህዝቢ ሊብያ ንመሰሉ ይዋደቕ ኣሎ። ምናልባት ካብ ግብጺ ፍልይ ዘብሎ እቲ ዝሓቶ ዘሎ ዋጋ ጥራሕ እዩ። ምኽንያቱ መራሒ ሊብያ ኮሎኔል መ.ቐዛፊ ካብ መራሒ ህግደፍ ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ብዘይንእስ መልክዑ "ኣታ ህዝቢ ኣነ ብዝሓሰብኩልካ ትጓዓዝ፡ ኣነ እየ ዝውስነልካ፡ ዘረባይ ትሰምዕ፤ ዝበልኩኻ ትኸዉን እንተኣበኻ ድማ ኣብኣ ትረኽቦ" ክብሎ ድሕሪ ምጽናሕ እቲ ዘይተርፍ ሕቶ ምስተላዕለ ኣረሜናዊ ባህሪኡ ብጋህዲ የተግብሮ ኣሎ። ይኹን እምበር ቓልሲ ውጹዕ ህዝቢ ይነውሕ ይሓጽር ድኣ ምበር ፍሬኡ ዓወት ኢዩ።ውጹዕ ህዝቢ ሊብያ ድማ ነዚ ክዉን ክገብር እዩ፡ ተመሳሳሊ ድማ ኣብ'ቶም ንመሰሎም ተላዒሎም ዘለዉ ካልኦት ህዝብታት።

መልሲ ንሕቶ/ሽግር ኤርትራውያን'ዉን ካብ'ዚ ዝፍልዮ ነገር የብሉን። ስርዓት ህግደፍ ናይ'ዚ ኣብ መላእ ዓለም ተበታቲኑ ሕሱር ናብራ ስደት፡ ውርደት፡ ሓሳረ መከራን፡ ስቓይን ሞትን ዘስተማቕሩ ዘለዉ ዜጋታት እንክ ተሓታቲ እዩ። ተሓታትነቱ ክነሽክሞ እንተኾይና ግን ከም'ዞም ሓቢሮም ደሞክራስያዊ ሕቶ ኣልዒሎም ሕቶኦም ንምምላስ ብሓድነት ዝቃለሱ ዘለዉ ህዝብታት፡ ብሓድነት ምስእንቃለስ ጥራሕ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ሃየ ነዚ ?ብሓይሉ ዘይኮነስ ብስንፍናና? ዝነብር ዘሎ ስርዓት ንጢምና ብምእላይ ወንንቲ ሃገርና፤ ህዝብና፡ ባህልናን ክብርናን ንኹን። ህዝባዊ ማዕበል ዓጋቲ የብሉን። ስለዚ ተሞኩሮ ከማና ዝኣመሰሉ ውጹዓት ህዝብታት ንውሰድ።

"Public sentiment is everything. With public sentiment nothing can fail. Without it nothing can succeed. He, who moulds public sentiment, goes deeper than he who enacts statutes or pronounces decisions."
Abraham Lincoln

# ዓምዲ መንእሰያት

# ስኞታን ትዕዝብትን መንእሰያት ክሳብ ማዓስ፡

ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና መንእሰይ መረቕ፡ ሞተር ወይ ዓንዲ ሕቖ ሃገር ምዃኑ ከምኡ'ውን ንጡፍን ንቑሕን ተሳታፊ መንእሰይ ኣብ ጉዕዞ ዲሞክራሲያዊ ለውጢ እምን ኩርናዕ ከምዝኾነ ገሊጽና ኔይርና። ንሎሚ ድማ በዚ ተጠቒሱ ዘሎ ኣርእስቲ ገለ ክንብል።

ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ናብ ኣዝዩ ኣስከፊ ኣንፈት ምኻድ ካብ ዝጀምር ሓያል ግዜ ኣቑጺሩ እሎ። ናይ'ዚ ኩነታት'ዚ ምስክር ካብ ባዕዳዊ ኣካል ወይ ካልኦት መራኸቢ ብዙሃን እንጽበዮ ነገር ዘይኮነስ ንሕና እቶም ካብ ሃገር ወጺእና ከም ደቂ ዛግራ ፋሕ ብትን ንብል ዘሎና እቶም ኣብ ማዓስከራት ኮፍ ኢልና ኣእምሮና ካብ ንጡፍ ተሳታፊ ንለውጢ (Idle mind for change ) ኣገሊልና ዘሎና እንምስክሮ ሀያው ኣብነት እዩ። ልክዕዩ ገለ ብቑጽሪ ውሑዳት ዝኾኑ መንእሰያት ኣብተን ነዊሕ ዓመታት ዘቑጸራ ተቓወምቲ ሓይልታት ተሳቲፎም፡ መብዛሕትእም ንዝነበርዎ ኩነታት ብምረት እንዳገለጹ ካብ ማዓስከራት ብሕጋውን ብዘይ ሕጋውን መንገዲ ስደቶም ዝቕጽሉ ክኾኑ እንከለው ገሊኦም ከኣ ኣብ ማዓስከራት ተመሊሶም ኮፍ ዝበሉ እዮም። ገለ ኣዝዮም ውሑዳት እዉን ኣብ ዝኣተውዎ ጉዕዞ ቓልሲ ዝቕጽሉ እዮም ። እቲ ካልእ ዝተረፈ ሓይሊ መንእሰይ ንኹነታት ደሞበ ተቓውሞ ብምግምጋም ብናይ ግላ ርእሱ ውደባን መስመርን ክንጥፍ ኣብ ዝጀመረሉ ቀሊል ዘይበሃል ብድሆ ክገጥሞ ጀሚሩ።ገለ ካብቶም ዝገጠሙዎ ብድሆታት፡

. ካብ ደምበ ተቓውሞ ዝምንጩ ንቓልሲ ዘዮተባብዕ ተግባራት ማለት "ንውድብይ ዝብሉ ሓሳብ ዘይቅበል ይጥፋእ" ዝዓይነቱ፣

2. ጥርናፈ መንእሰያት ንሕሉፍ ተመኩሮ ምግምማዕ ደምበ ተቓውሞ ብምርሳዕ ብማይ ቀጠነ ናብ ዝተፋላለያ ኣጉደታት ምጭጭሖም፣

3. ባህርያት ስርዓት ህግደፍ ዘይወጸሎም ውልቀ ሰባት ወይውን ኣገልገልቲ ናይ'ቲ ስረዓት ክኾኑ ዝኽእሉ ዝኽተልዎ ገማግዲ ስልቲ ብግቡእ ዘይምርዳእ ዘሰንበዶም መንእሰያት ዳግም ናብ ውልቃዊ መፍትሒ ምእታዎም፣

4. ኣብ ርሑቕ ወጻኢ ሃገራት ዝግበር መንእሰያዊ ናይ ቃለሲ ምብግጋሳት ካብ ምትእትታው ስርዓት ህግደፍ ጸርዩ ኣብ ርእሲ ዘይምብጋሱ ምስ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራትን ውሽጢ ሃገርን ዘሎዉ ምንቅስቓሳት ዘይተወሃሃደ ምዃኑ፣

4. ቑጠባዊ ዓቕሚ ዘይምህላው፣

5. ንቓልሲ ቐዳምነት ሂቡ ብተወፋይነትን ጽንዓትን ዝቃለስ ቑጽሪ መንእሰይብምውሓዱ፣

ድምር ውጽኢት ናይ'ዞም ዝተጠቕሱ ነገራት ንስክፍታ ናይ መብዛሕትእም መንእሰያት ብምዕባይ ናብ ዝኸፈአ ጥርጣረ፡ ስኞታን ትዕዝብትን ኣእትይዎም እዩ። ካብ'ዚ ብምብጋስ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ምሉእ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ናይ መብዛሕትእም መንእሰያት ውልቃዊ መፍትሒ ጥራይ ኣብ ምንዳይ ዘድሃበ ክይኑ ንረኽቦ። ውልቃዊ መፍትሒ ምንዳይ ነውሪ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ድምር

ናይ ውልቃዊ ፍታሕ ዘረጋግጹ ዜጋታት መዕባለ ናይ ሓንቲ ሃገር ኣብ ምርጋጽ ዓቢ ነጥብ መቀይሮ ስለዝኾነ ። እዚ ክዉን ክኸውን እንተኸይኑ ግን እታ ሃገር ርጉእ ፖለቲካዊ ሃዋህው ዘለዋን ሕግን ስርዓትን ዝሰፈናን ምስ እትኸውን ጥራይ እዩ ። እንተኾነ፡ ክውንንትና ምስእ'ዚ ብፍጹም ዝራኸብ ኣይኮነን ።ብስደትን ምብትታንን እቢልና ውልቃዊ ፍታሕን ዕግበትን ክንምልስ ንኽእል ኢና ኢልና እንተደኣ ንሓስብ ኰይና ድማ ብመሰረቱ ካብ ሓቂ ዝራሓቐ ኣታሓሳስባ እዩ ዘሎና፡ ከመይ'ሲ ሽግር ናይ'ቲ ዝበዝሐ ክፋል ሕብረተሰብ እንተዘይተፈቲሑ ሽግር ውልቀ ሰባት ክፍታሕ ኣይካኣልን እዩ። ገለ ውሑዳት ናብ 3ይ ሃገር ብምኸድ እቢሎም ውልቃዊ ፍታሕ ዘረጋግጹ ክመስሎም ይኽእል እዩ።

እንተኾነ ግን ናይ ቀረባ ስድራቤቶም ይኹን ኣካል ስድራቤቶም ካብእም ዝጽበ ወይ ጽዕንት ናቶም እንተኸይኑ ጌና እቲ ፍታሕ ኣይተረጋገጸን።

ሕሉፍ ታሪኽና ክም መገምገሚ ኣወንታውን ኣሉታውን ጎድንና ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና። እቲ ኣወንታዊ ጎድኒ ብምዕቃብ ነቲ ኣሉታዊ ድማ ብምውጋድ ክንየው ሕሉፍ ዓወታት ምኻድ መሰረት ሓደ ጥዑይ ሕብረት ሰብ ምዃኑ ተረዲእና በርቲዕና ብሓባር ምስራሕ ይግባኣና እምበር ብዘጋጠሙና ሽግራትን በደላትን ተሓሊኽና ኣብ ስቕታን ትዕዝብትን ክንነብር ኣይግባኣናን እዩ።

ትማሊ፡ ሎሚ ክምኡ'ውን ጽባሕ ነናይ ገዛእ ርእሱ ክውንነት ኣለዎ። ትማሊ ንዝተፈጸመ ጥልመትን ሕማቕ ስራሕን ሎሚ ንኽይድገም ነፍሲ ወከፍ መንእሰይ ብንጡፍ ተሳትፍኡ ክረጋግጾ ከምዘለዎ ግዴትኡ ምዃኑ ኣጸቢቑ ክርዳእ ኣለዎ። ምኽንያቱ ንጡፍ ተሳትፎ እንተሎ ምንቃሕ ኣሎ፡ ምንቃሕ እንተሎ ከኣ ኣንፈት ናይ 'ቲ ክትበጽሖ ትኽእል መድረኽ ናይ ምምእዛን ዝዓበየ ተራ ኣሎ። ከምኡ ድማ ሎሚ ክትገብሮ ዝግባኣካ ነገር ብዘይምግባርካ ጽባሕ ኣብ ጣዕሳን ተሓታትነትን ክትነብር ዝገብረካ ኩነታት ከይህሉ ኣጸቢቕካ ምርዳእ የድሊ።

ትማሊ ሰባት ታሪኽ እንተሰሪሖም ሎሚ ንሕና ታሪኽ ክንሰርሓሉ ዘይንኽእል ምኽንያት የሎን። ስለ'ዚ ብዘይ ቃልሲ ዝእለ እንተታት የሎን እሞ ስቕታን ትዕዝብትን ይኣክል። ሓድነትናን ናይ ቃልሲ መንፈስናን ብምሕዳስ ሰላምን ቅሳነትን ዝሰፈና ሃገር ኣብ ምርግጋጽ ሓላፍነትና ንዋጻእ።

## ሰላምን ፍትሕን ንህዝብና !!!